Old Capitol Building
PO Box 47200
Olympia, WA 98504-7200

k12.wa.us

Washington Office of Superintendent of
PUBLIC INSTRUCTION
Chris Reykdal, Superintendent

# ሕቶ ማሕበረሰባዊ ጥርዓን ፍሉይ ትምህርቲ (Special Education Community Complaint, SECC)

(ግቡእ መስርሕንምእታው ካልእ ቅጥዒ ምጥቃም)

እዚ ቅጥዒ'ዚ ከም ኣማራጺ እዩ። ቤት ጽሕፈትና ነቲ እትህቡዎ ሓበሬታ ኣብ ከይዲ ጥርዓንኩም ክጥቀሞ እዩ። ብዛዕባ ከይዲ IEP ከምኡ'ውን መሰላት ተምሃሮ/ስድራቤት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናብ OSPI፣ መርበብ ሓበሬታ ምፍታሕ ጐንጺ ፍሉይ ትምህርቲረኣዩ።

**እትልእኹዎ ናብ፡-** Dr. Tania May
Assistant Superintendent
OSPI, Special Education
PO Box 47200
Olympia, WA 98504-7200

ዝተለኣኸሉ ዕለት፡-

______________________

**ብተወሳኺ'ውን እትልእኹዎ ናብ፡-** ምኽትል ዳይሬክተር ፍሉይ ትምህርቲ ናይ'ቲ ዲስትሪክት ቤት ትምህርቲ፤ ከምኡ'ውን/ወይከኣ፣ ተቈጻጻሪ ናይ'ቲ ዲስትሪክት። ናይ'ቲ ዲስትሪክት ሓበሬታ ርኽበት ኣብ'ቲ መሓበሪ ፍሉይ ትምህርቲክርከብ ይኽእል።

ናይ'ዚ ጥርዓን ቕዳሕ ብኢሜይል፣ ፋክስ ወይ ብወረቐት ክወሃብ ይኽእል። ብኽብረትኩም፣ ኣብ ታሕቲ ነዞም ዝስዕቡ ዝርዝራት ኣካትቱ፡- ናይ'ቲ ዲስትሪክት ሽም፣ ኣድራሻ ናይ'ቲ ዲስትሪክት ቤት ትምህርቲ፣ እቲ ቕዳሕ ብኸመይ ከም ዝተውሃበ፣ እቲ ቕዳሕ ንመን ከም ዝተውሃበ ከምኡ'ውን እቲ ቕዳሕ መዓዝ ከም ዝተውሃበ።

______________________________

______________________________

______________________________

ዝተልኣኸሉ ዕለት፡- ______________________

## ክፋል I:- ሓበሬታ ተምሃራይ

OSPI ንኹሉ ንምሕቛፍን ክፍተታት ዕድል ንምምላእ ዘኽእሉ ኣሰራርሓታት ንትምግባርን ይጽዕር። ናይ ውላድኩም ኲነታት ስንክልና፣ ዓሌትን ጾታን ሓበሬታ ብወለንታኹም እንተሂብኩም፣ እቲ ምሽጥራዊ ሓበሬታኹም ኣገባብ ናይ ሓፈሻዊ ግዝኣትና ንምልላይን ናይ OSPI መምርሒን ጐነጽ መፍትሒ ከይድታት ንምምሕያሽን ጥራይ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። *እቲ ጥርዓን ካብ ሓደ ንላዕሊ ተምሃሮ ዝምልከት እንተኾይኑ፣ ብኽብረትኩም ተወሳኺ ገጽ ተጠቐሙ።*

______________ ሽም ተምሃራይ

______________ ኲነታት ስንክልና ተምሃራይ

______________ ክፍሊ፣ ዓሌት/ብሄር፣ ጾታ (ከም መማረጺ)

______________ ሽም ቤት ትምህርቲ

## ክፋል II:- ናትኩም ሓበሬታ

**ኣነ ወላዲ/ኣላዪ ናይ'ቲ(ታ) ኣብ ላዕሊ ዘሎ(ላ) ተምሃራይ(ሪት) እየ**
**(ብኽብረትኩም ነቲ ግቡእ ዝኾነ ግብረ መልሲ ዓንኬል ግበሩሉ)፡-** እወ / ኣይፋልን

______________ ሽም

______________ ኣድራሻ ጐደና

______________ ከተማ/ግዝኣት/ዚፕ

______________ ተሌፎን

______________ ኢሜይል

______________ መባእታዊ ቋንቋ

______________ ዓሌት/ብሄር፣ ጾታ (ከም መማረጺ)

**ወላዲ/ኣላዪ እንተደኣ ዘይኰንኩም፣ ምስ'ቲ ተምሃራይ ዘለኩም ዝምድና እንታይ እዩ?፡-**

______________

**X** ______________
**ፌርማኹም**

______________ **ዕለት**

በቲ ቤት ጽሕፈት ተቈጻጻሪ መምርሕ ሓፋሽ ዝቐርብ ሕቶ ቅጥዒ ማሕበረሰባዊ ጥርዓን ፍሉይ ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ፍቓድ ምትእስሳር ምህዞኣዊ መትከላትፍቓድ ዘለዎ እዩ።

## ክፋል III:- ሕቶ ማሕበረሰባዊ ጥርዓን ፍሉይ ትምህርቲ (Special Education Community Complaint, SECC)

ነዚ ቅጥዒ ንምምላእ ደገፍ ንምሕታት ወይከኣ ንዓኻትኩም ብዝበለጸ ምቹእ ዝኾነ ቅጥዒ ንምሕታት፣ ብኽብረትኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ተቈጻጻሪ መምርሒ ሓፋሽ (Office of Superintendent of Public Instruction)፣ ክፍሊ ፍሉይ ትምህርቲ (Special Education Division) ብ 360-725-6075 ወይከኣ ብ speced@k12.wa.usገይርኩም ተወከሱ።

**ቅዳሕ ናይ ጥርዓንኩም ብተመሳሳሊ እዋን ናብ OSPI 'ን ናብቲ ቤት ትምህርቲ/ኤጀንሲን ክትልእኹ ኣለኩም።** ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ/ኤጀንሲ ሓበሬታ ርኽበት ኣብ'ቲ [መሓበሪ ፍሉይ ትምህርቲ](#)ክርከብ ይኽእል።

**እቲ ጥርዓንኩም ፌርማኹም ክካተት ኣለዎ።** ብሕጊ ትምህርቲ ስንክልና ንዘለዎም ውልቀሰባት (Individuals with Disabilities Education Act, IDEA) ከምኡ'ውን ብሕግታት ፍሉይ ትምህርቲ Washington ፌርማ ይሕተት እዩ።

**እዚ ዝተፈጠረ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት ድዩ?** OSPI እቲ ጥርዓንኩም ካብ ዝበጸሖሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዝቐረቡ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ክስታት ጥራይ ክምርምር ይኽእል። ንኣብነት፣ እቲ ጥርዓን ዝበጸሓና ብኦክቶበር 1፣ 2021 እንተኾይኑ ካብ ኦክቶበር 2፣ 2020 ጀሚሩ ዘሎ ግዜ ክንምርምሮ ንኽእል።

**እዚ ካብ ግልጋሎት ፍሉይ ትምህርቲ ወጻኢ ምስ ዝኾኑ ካልኦት ነገራት ይዛመድ ዶ?** ጥርዓንኩም ምስ ኣድሎ ወይከኣ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ 504 ሕጊ ዳግመ-ሕውየት (Rehabilitation Act) ምስ'ቶም ዝተገለጹ መሰላት ተምሃራይ ዝዛመድ እንተደኣ ኾይኑ፣ ብኽብረትኩም ንቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት (Office for Civil Rights) ብ 1-800-421-3481 ተወከሱ ወይከኣ ናብ OSPI ቤት ጽሕፈት ፍትሓውነትን ሲቪላዊ መሰላትን (Equity & Civil Rights Office) ብ 360-725-6162 ተወከሱ። መስርሕ ኪኢላ ዝምልከቱ ሕቶታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኣሰራርሓታት ኪኢላታት (Office of Professional Practices, OPP) ብ 360-725-6130 ክቐርቡ ኣለዎም።

**መዕረፍ ጋሻ፡-** ነዚ ቅጥዒ ንምዝዛም ወይከኣ ምስ'ቲ ጉጅለ ምፍታሕ ጉንጺ ንምርኻብ መዕረፍ ጋሻ ዘድልየኩም እንተደኣ ኾይኑ፣ ብኽብረትኩም ናብ 360-725-6075 ወይከኣ speced@k12.wa.usተወከሱ።

**ኣብ እዋን መርመራ ጥርዓን ዝካፈል ሓበሬታ፡-** ሕግታት ፍሉይ ትምህርቲ Washington ከም ኣካል እቲ መርመራ፣ OSPI ዝኾነ በቲ ዲስትሪክት ንዝወሃብ ሰነድ ንወላዲ/ጥርዓን ኣቕራባይ ክካፍልን፣ ዝኾነ ብወላዲ/ጥርዓን ኣቕራባይ ዝካፈል ሓበሬታ ድማ ነቲ ዲስትሪክት ክካፍልን ምእንቲ ይሓቱ እዮም። ኣብ'ቲ ጥርዓን እቲ ዘሎ ጥርዓን ኣቕራባይ ወላዲ/ኣላዪ ናይ'ቲ ተምሃራይ እንተደኣ ዘይኰነ፣ ዝኾነ ብውልቂ ዝለለ ናይ'ቲ ተምሃራይ ሓበሬታ ቅድሚ ምክፋሉ፣ OSPI በቲ ወላዲ ዝተፈረመ ሓበሬታ ንኽልቀቕ ይሓትት እዩ። ብዛዕባ'ቲ ከይዲ ጥርዓን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ እትሪኡ ናብ፡- [ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ'ቲ ከይዲ ጥርዓን](#)።

### ዴሞግራፊያዊ መረዳእታ

OSPI ንኹሉ ንምሕቛፍን ክፍተታት ዕድል ንምምላእ ዝኽእሉ ኣሰራርሓታት ንምትግባርን ይጽዕር። ሓበሬታ ናይ ውላድኩም ኩነታት ስንክልና፣ ዓሌትን ብሄርን ኣባላት ስድራቤትኩምን፣ ጾታዊ መንነት ተምሃራይኩምን ብወለንታኹም እንተሂብኩም፣ ነቲ ምሽጥራዊ ሓበሬታኹም ኣገባብ ናይ ሓፈሻዊ ግዝኣትና ንምልላይ ጥራይ ኢና ኣብ ጥቕሚ ነውዕሎ። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ንኣብያተ ትምህርቲ Washington ብቐጻልነት መምርሕ ንምሃብን መሰላት ተምሃሮን ስድራቤታትን ዝድግፉ ከይድታትና ንምምሕያሽን ምስ ዝኾነ ውልቃዊ ተምሃራይ ወይከኣ ስድራቤት ከየተሓሓዝና ብሓፈሽኡ ኢና ንጥቀሞ።

ልክዕ ከም'ቲ ንቡር፣ OSPI ኣብ'ቲ እዋን ከይዲ መርመራ SECC ን OSPI ነቲ ዝወሃብ ሓበሬታ (ንኣብነት ኢሜይላትን ሰነዳት ፍሉይ ትምህርትን) ንካልኦት ውልቀሰባት፣ ኣካላት ወይከኣ ፌደራላዊ ይኹን ግዝኣታዊ ኤጀንሲታት ኣየካፍልን እዩ።

ኣባላት ሓፋሽ ብናይ ግዝኣት Washington ሕጊ መዛግብቲ ሓፋሽ (Public Records Act) መሰረት ከም'ዚ ንዝኣመሰለ ሓበሬታ ንምብጻሕ ክሓቱ ይኽእሉ፣ ግን ከኣ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሕቶ ኣብ ዝመጸሉ እዋን፣ ሓያሎ "ግድፈታት" ይህሉዉ። ብካልእ ኣገላልጻ፣ ኣባላት ሓፋሽ ክበጽሑዎም **ዘይኽእሉዎም** ሓያሎ ዓይነታት ሓበሬታ ኣለዉ እዮም። ከም ኣገዳሲ፣ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ንሕቶ መዛግብቲ ሓፋሽ ከም ግብረ መልሲ ብ OSPI **ኣይወሃብን** እዩ።

- በይኑ ይኹን ብውህደት፣ ኣብ'ቲ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ርትዓዊ ዝኾነን ነቲ ተምሃራይ ርትዓዊ ብዝኾነ ትኽክለኛነት ንምልላይ ብዛዕባ'ቶም ኣገደስቲ ኩነታት ውልቃዊ ፍልጠት ዘይብሉ ሰብ ክፈቅድ ምስ ዝኽእል ሓደ ተምሃራይ ዝተኣሳሰር ወይከኣ ክተኣሳሰር ዝኽእል ሓበሬታ። ንኣብነት፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ስንክልና ወይከኣ ዓሌትን ብሄርን ውላድኩም።
- እቲ ሓበሬታ ምቅላዕ ውልቃዊ ሓበሬታ ናይ'ቲ ተምሃራይ ዘስዕብ እንተደኣ ኾይኑ ንኣባላት ስድራቤት ወይከኣ ኣለይቲ ዝወሃብ ውልቃዊ ሓበሬታ።
- ናይ ህጹጽ እዋን ኣድራሻ ሓበሬታ ኣባላት ስድራቤት ወይከኣ ኣለይቲ።

ብዛዕባ ሕቶታት መዛግብቲ ሓፋሽ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትኩም ነዞም ፍልፍላት ተወከሱ፡-

- [OSPI ሕቶ መዛግብቲ ሓፋሽ](#)
- [OSPI ኮድ ግድፈት መዛግብቲ ሓፋሽ](#)
- [WA ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ፡- መዛግብቲ ምርካብ](#)

## ክፋል IV:- ክስታት፤ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝሰረሖ ጌጋ እንታይ እዩ ኢልኩም ትኣምኑ?

**ሀ. ናይ ጥሕሰታት ክስኹም(ክስታትኩም) መግለጺ፡-**

ኣይናይ ሕጊ ከም ዝተጠሓሰ ክትፈልጡ ኣየድልየኩምን እዩ፣ ግን ከኣ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝሰረሖ ጌጋ እንታይ ምዃኑ ክተብርሁ ኣለኩም፣ ንኣብነት፡- "እቶም መምህራን ናይ ውላደይ IEP እንዳተኸተሉዎ ኣይኰኑን ዘለዉ።" ንምጽሓፍ ተወሳኺ ቦታ ዘድልየኩም እንተደኣ ኾይኑ ብኽብረትኩም ተወሰኽቲ ገጻት ኣተሓሕዙ። ብትብተወሳኺ'ውን፣ ክተስተብህሉዎ ዘለኩም፡- OSPI ናይ ጥሕሰት ክሲታት ዝምርምር ኣብ ዝሓለፈ ናይ ካላንደር ዓመት ዝተፈጠሩ እንተኾይኖም ጥራይ እዩ።

| እቲ ቤት ትምህርቲ ነዞም ዝስዕቡ ብምግባር ረቛሒታት ፍሉይ ትምህርቲ ከም ዝጠሓሰ እኣምን፡- |
|---|
| |

**ለ. ሓቅታት ክስኹም፡-**

ብኽብረትኩም ብዛዕባ'ቲ ዝተፈጠረ ነገር ኣገደስቲ ዝኾኑ ዕለታትን ዝርዝራትን ኣካትቱ።

| |
|---|
| |

**ሐ. ንክስኹም ዝድግፉ ሰነዳት እንታይ እዮም?**

ካብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዘመጹ ደብዳበታት፣ ናይ'ቲ ተምሃራይ ገምጋምን IEP 'ን፣ መዘኻኸሪታትን ካልኦት ሰነዳትን እንታይ ከም ዝተፈጠረን እቲ ቤት ትምህርቲ ዝገበሮ ጌጋ እንታይ እዩ ኢልኩም ከም እትኣምኑ ንምርኣይ ክሕግዙ ይኽእሉ። ከም IEP ዝኣመሰሉ ሰነዳት ንኽተተሓሕዙ ትተባብዑ ኢኹም፣ ግን ከኣ ናይ ግድን ኣይኰነን።

| |
|---|
| |

**መ. እንታይ እንተዝኸውን ምደለኹም?**

OSPI እቲ ቤት ትምህርቲ መሰላት ተምሃራይ ምጥሓሱ እንተረጋጊጹ፣ እንታይ ፍታሕ ንኽወሃብ ከም እትሓቱ ክንፈልጥ ንደሊ። ንኣብነት፣ ተወሳኺ ግልጋሎታት IEP ወይከኣ ኣኼባ IEP ክትሓቱ ትኽእሉ።

| |
|---|
| |